# ኢየሱስ

## ሕብሪ ዝልከ መጽሓፍ

# 7

Written by
Millicent Omondi
Illustrated by
Richard Maina
Cover design
Manolito Corpuz

ተርጎምቲ
እናቴ ንግስቲ ሚካኤል
ቢንያም ዮሴፍ

Paulines
Paulines Publications Africa

ይተኃተም፡-

✝ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ጳጳስ ሰበኻ ኣሥመራ

# ኢየሱስ

## 7

ብኃልዮት መንበረ ጵጵስና ሰበኻ ኣሥመራ
ዝተኃትመ ኢዩ።

© መሰል ኣኅታሚኡ ብሕጊ ዝተሓለወ ኢዩ።

ቤት ማኅተም ፍራንቸስካና

ኣሥመራ ሰነ 2010

# Jesus

## 7

© copyright, The Catholic Eparchy Of Asmara
ISBN - 99948 - 50 - 07 - 5

All rights are reserved

Franciscan Printing Press

Asmara 2010
Eritrea



# ብስራት

ሓደ መዓልቲ፡ ሓደ መልኣኽ ንሓንቲ ኣብ ናዝሬት ትብሃል ንእሽቶ ዓዲ ትነብር መንእሰይ ድንግል ተራእያ።

ስም እታ ድንግል ማርያም ነበረ። እቲ መልኣኽ፡ “እንሆ ክትጠንሲ፡ ወዲ'ውን ክትወልዲ ኢኺ። ስሙ ኸኣ ኢየሱስ ክትብልዮ ኢኺ። ንሱ መድሓኒ ዓለም ክኸውን እዩ፡” በላ።




# ልደት ኢየሱስ

እታ ድንግል ጠነሰት። ሓደ ንእሽቶይ ማማይ ድማ ወለደት። ከምቲ መልኣኽ ዝበላ ኸኣ ኢየሱስ ኢላ ሰመየቶ። ኢየሱስ ክውለድ ከሎ ስድራኡ ገይሾም ስለ ዝነበሩ፣ ዘሕድሮም ሰብ ሰኣኑ። መሽኪናይ ማማይ! ኣዲኡ ብጨርቂ ጠቕሊላ ኣብ ከብቲ ዝበልዓሉ እንዳ ሓሰር ኣደቀሰቶ። እቲ ከም ኣቦኡ ዘዕበዮ ዮሴፍን ማርያምን ከኣ ኣኽበርዎ።




# ኢየሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ

ድሕሪ ሸሞንተ መዓልቲ፣ ዮሴፍን ማርያምን ወለዱ ንኢየሱስ ሕጻን ናብ ቤት መቕደስ ወሰድዎ። ስድራ ኢየሱስ ኣይሁድ እዮም ነይሮም። ንሱ በዅሪ ወዶም ስለ ዝነበረ ኸኣ ሕጊ ኣይሁዳውያን ከኽብሩ ናብ እግዚኣብሔር ኣቕረብዎ።




## ኢየሱስ ኣብ ቤት መቕደስ ኣብ ማእከል ሊቃውንቲ

ኢየሱስ ሕጻን ቀልጢፉ ጉበዘ። ወዲ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ከሎ ኸኣ ምስ ድስራሉ ናብ ቤት መቕደስ ከደ። ንሱ ብንእሽትኡ በሊሕ ቈልዓ ነይሩ። ንቅዱሳት መጻሕፍቲ ኣጸቢቑ ይርድኦም ስለ ዝነበረ ኸኣ፣ ነቶም ኣብ ቤተ መቕደስ ዝነበሩ ዓበይቲ ሰብኡትን ሊቃውንትን ምሂሩዎም!




## ኢየሱስ ንኣቦኡ እናሓገዘ

ኢየሱስ ሓደ እዙዝን ጻዕራምን ቈልዓ ነበረ። ንሱ ወትሩ ንኣቦኡ ኣብ ስራሕ ጽርበት ይሕግዞ ነይሩ። ንዮሴፍ ኣቦኡ እናሓገዞ ስለ ዝተማህረ ድማ ሓደ ብዘይመጠን ንፉዕ ጸራባይ ኮነ።




## ኢየሱስ ኣብ ምድረ በዳ

ኢየሱስ ድሕሪ ጥምቀቱ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ናብ ሓደ ምድረ በዳ ኸደ። ኣብኡ ኣርባዓ መዓልትን ኣርብዓ ለይትን ጾመ። ሰይጣን ከኣ በብዓይነቱ ነገራት እናኣርኣየ ፈተኖ። ኢየሱስ ግን ኹሉ ፈተናታት ሰይጣን ጸኒዑ ተቓዊሙ ሰዓሮ።




# ጥምቀት ኢየሱስ

ኢየሱስ ምስ ዓበየ፣ ብዮሓንስ መጥምቕ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ተጠምቀ። ንሱ ክጥመቕ እንከሎ፣ ሰማይ ተኸፊቱ መንፈስ ቅዱስ ከም ርግቢት ወሪዱ ኣብ ርእሱ ክዓልብ ተራእየ። ካብ ሰማይ ከኣ “እዚ እቲ ብእኡ ዝተሓጐስኩ ዝፈትዎ ወደይ እዩ፣” ዝብል ድምጺ ተሰምዐ። እቲ ድምጺ ናይ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ነበረ።



# ኢየሱስ እናሰበኸ

ኢየሱስ ካብ ምድረበዳ ምስ ተመልሰ፡ ንህዝቢ ክሰብኽን ቃል ኣምላኽ ክምህርን ጀመረ። ብዙሓት ዓበይቲ ሰባትን ቈልዑን ክሰምዑዎ ይመጹ ነበሩ። ቀንዲ ኣዕሩኹ ድማ ኾኑ።




# ኢየሱስ ኣብ ቃና

ሓደ መዓልቲ፡ ኢየሱስ፡ ሓዋርያቱን ኣዲኡ ማርያምን ኣብ ቃና ትበሃል ዓዲ መርዓ ተዓዲሞም ነበሩ። ግን ግብጃ ከይተወድአ እቲ ዅሉ ወይኒ መሊኡ ዝነበረ ዕትሮታት ተጸንቀቐ። ኣዲኡ ኸኣ ንኢየሱስ ብዛዕባ እቲ ጸገም ነገረቶ። ኢየሱስ እቶም ኣሳሰይቲ ነቲ ዓታሩ ማይ ክመልኡዎ ኣዘዞም። ነቲ ማይ ከኣ ናብ ወይኒ ለወጦ!




## ኢየሱስ ምስ ሕጻናት

ኢየሱስ ንሕጻናት ብዙሕ ይፈትዎም ነበረ። ምስኦም ይጻወት፣ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ድማ ብዙሕ ጥዑም ዛንታ ይነግሮም ነበረ። እቶም ቈልዑ ምስኡ ኸውዕሉን ዛንታታቱ ክሰምዑን ይፈትዉ ነበሩ።



# ኢየሱስ ንጓል ኢያኢሮስ ካብ ሞት ኣተንስአ

ጓል ኢያኢሮስ ድሕሪ ሓጺር ሕማም ሞተት። ሓንቲ ጓሉ ንሳ ጥራይ እያ ዝነበረት። ኢያኢሮስ ብዘይመጠን ሓዚኑ ንኢየሱስ ጓሉ ኸሕውየሉ ክልምኖ ኸደ። ንሱ ኣብ ኢየሱስ ብርቱዕ እምነት ነበሮ። ኢየሱስ ንወለዲ እታ ጓል ኣጸናኒዑ ብተኣምራት ካብ ሞት ኣተንስአ!




# ኢየሱስ ዓሰርተ ለምጻማት ከም ዘሕወየ

ሓደ ጊዜ ኢየሱስ ናብ ኢየሩሳሌም እናኸደ እንከሎ ዓሰርተ ሕማም ለምጺ ዝሓዞም ሰባት ረኸበ። ንኹሎም ኣሕወዮም። ግን ካብቶም ኲሎም ሓደ ጥራሕ ከመስግኖ ተመልሰ። ብሓቂ ሕማቕ ተግባር! ንሕና ኲሉሻዕ ነቲ ኢየሱስ ዝህበና ጽቡቕ ነገራት ክነመስግን እዩ ዝግበኣና።




# ኢየሱስ ንኢየሩሳሌም ኣተወ (ሆሳዕና)

ኢየሱስ ቑሩብ መዓልትታት ቅድሚ ምሟቱ፡ ኣብ ኣድጊ ተወጢሑ ብዓቢ ኽብሪ ናብ ኢየሩሳሌም ኣተወ። ሕዝቢ ከም ንጉሶም ገይሮም ዘመሩሉ፡ ዓለሉሉ፡ ወደስዎ። ኣብ መንገዲ ሆሳዕናን ክዳውንቶምን ኣንጸፍሉ። እወ! ኢየሱስ ብሓቂ ንጉስና እዩ።




# ኢየሱስ እግሪ ሓዋርያቱ ሓጸበ

ኢየሱስ ድሮ እታ ዝሞተላ ለይቲ ንሓዋርያቱ ኣእጋሮም ሓጸቦም። “ከምዚ ኣነ ንዓኹም ዝሓጸብኩኹም ንሰኻትኩም እውን ኸኣልኦት ከምኡ ግበሩ፣” ድማ በሎም። ነዚ ዝገበረሉ ምኽንያት፣ ከምቲ ንሱ ዘፍቀሮምን ዘገልገሎምን ንሳቶም እውን ኸኣልኦት ከፍቅሩን ከገልግሉን ከም ዝግብኦም ከረድኦም ስለ ዝደለየ እዩ።




## እታ መወዳእታ ድራር ኢየሱስ

ኢየሱስ እግሮም ምስ ሓጸቦም፡ እንጌራ ኣልዓለ፡ ባሪኹ ድማ ክበልዑዎ ሃቦም። እንጌራ ምስ በልዑ ኸኣ ነቲ ወይኒ ባሪኹ ክሰትዩዎ ሃቦም። ደኹን'ምበር፡ ይሁዳ ዝስሙ ሓደ ካብ ሓዋርያቱ ኸሒድዎ፡ ንሊቀ ካህናት ኣሕሊፉ ክህቦ ከደ።




# ኢየሱስ ኣብ ጌተ ሰማኒ ጸለየ

ኢየሱስ ብብዙሕ ስቓይ ክመውት ከም ዝኾነ ፈሊጡ ልቡ ሓዘን መልአ። ነቲ ንጽባሒቱ ዘጓንፎ ግፍዒ፣ ቃንዛን ሞትን መታን ብትዕግስቲ ክቕበሎ ኸኣ፣ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዝርከብ እግዚኣብሔር ኣቦኡ ጽንዓትን ትብዓትን ክህቦ ጸሎት ክገብር ከደ። ብድሕርዚ፣ ሓደ መልኣኽ ሓይሊ ክህቦ ካብ ሰማይ ወረደ።




## ኢየሱስ ብጲላጦስ ተኾነነ

እቶም ኣይሁድ ወትሃደራት ልኢኾም ንኢየሱስ ኣእሰሩዎ። እቶም መራሕቲ፣ ህዝቢ ንዓኣቶም ገዲፉ ንኢየሱስ ይስዕብ ከም ዘሎ ምስ ፈለጡ ቀኒኦም ነበሩ። ጲላጦስ ኢየሱስ ንጹሕ እዩ በለ። ይኹን'ምበር፣ ፈሪሑ ንሞት ፈረዶ።




## ኢየሱስ ኣብ መስቀል ሞተ

እቶም ኣይሁድ ንኢየሱስ ኣብ መስቀል ሰቐልዎ። ተሰቒሉ እንከሎ ኣላገጹሉን ሰሓቑዎን። ሽዑ ኢየሱስ፡ “ኦ ኣቦ፡ ነፍሰይ ናባኻ ኣማዕቍባ ኣለኹ!” ኢሉ ብዓቢ ድምጺ ጨረሐ። ንእለት ድማ ሞተ። ከመይ ዝበለ ኣሰቃቕን ዘሕዝንን ሞት!




# ኢየሱስ ካብ ሞት ተንስአ

ድሕሪ ቐብሩ፡ ድሕሪ ሰለስተ መዓልቲ፡ ሓደ ዘገርም ነገር ተፈጸመ። ንኢየሱስ ኣበይ ከም ዝኸደ ሰኢኖሞ! መቓብሩ ጥርሑ ጸንሐ! ከመይ ድዩ ነገራቱ? ካብ ሞት ተንሲኡ! ሊቃነ ካህናት ዝሞተ መሲልዎም ነይሩ። ኢየሱስ ግን ንዓኣቶም ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንሞት እውን ሰዓሮ!



# ኢየሱስ ንሓዋርያት ኣብ ኤማሁስ_ተራእዮም

ኢየሱስ ናብ ኤማሁስ ዝበሃል ቦታ ዝኸዱ ዝነበሩ ክልተ ሓዋርያት ተራእዮም። ንሱ ኣብ መንገዲ እናኸዱ እንከለዉ እዩ ሕውስ ኢሉዎም፡ ግን ንሳቶም ኣየለለይዎን። ኣብ ስፍራኦም ምስ በጽሑ ምስኦም ክድረር ዓደምዎ። ንእንጌራ ክቖርስ እንከሎ ግና ብቕጽበት ኣለለይዎ። ነቶም ካልኦት ሓዋርያት ክነግርዎም ከኣ ተቀላጢፎም ከዱ።



## ኢየሱስ ንሰማይ ዓረገ

ኢየሱስ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ሓዋርያቱ ናብ እግዚኣ ብሔር ኣቦኡ ንሰማይ ዓረገ። ግን ንሱ ኲሉሻዕ ምሳና ክኸውን ተስፋ ሂቡና እዩ። ክሳብ መወዳእታ ዓለም!